Bayerisches Staatsministerium der Justiz

ናይ ባየር ክፍለ ሃገር ናይ ፍትሒ ሚኒስተር



# ናይ ጀርመን ናይ ወንጀል ሕጊ መሰረታዊ መትከላት

**ብዘይ ሕጊ መቕጻዕቲ የለን።**
ናይታ ሃገር ዕሴታትን ወይ ናይ ሓደ ዜጋ መሰላትን ዝጥሕስ ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ክቕጻዕ ይኽእል እዩ ። ኣብ ጀርመን ናይ ወንጀል ተግባራት ብዝምልከት ዝውሰድ ሕጋዊ ስጉምቲ (መቕጻዕቲ) ብናይ መንግስቲ ሕግታት ዝውሰን እዩ።

**ኣብ ጀርመን ወንጀል ምክትታል ናይ መንግስቲ ስራሕ እዩ።**
ብዘይ ሕጊ ብባዕልኻ፣ „ብሕጊ ጫካ“፣ ብመንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት ወይ ብናይ ሰድራ ሓለፍቲ  መቕጻዕትታት ምትግባር ብጥብቂ ዝተኸልከለ እዩ።



**ፖሊስ፣ ኣኽባር ሕጊ፣ ከምኡ’ውን ናይ ወንጀል ቤት-ፍርድታት**
ብሓደ ናይ ወንጀል ተግባር ዝተጐድአ ሰብን መሰኻኽርን ናብ ፖሊስ ከመልክቱ (ብቁጽሪ ስልኪ  110 ) ኣለዎም።  ፖሊስን ኣኽባር ሕግን ዝጥርጥርዎ ናይ ወንጀል ተግባር ብዝምልከት መርመራ የካይዱ። ናይ ሓደ ገበነኛ ዝኾነ ሰብ መቕጻዕቲ ዝውስኑ ናይ ወንጀል ቤት-ፍርድታት እዮም። ፖሊስን ናይ ፍትሒ ኣካላትን ብዘይ ጉቦ ብሕግን ብስርዓትን ይሰርሑ።

**ዝኾነ ዜጋ ምስክር ክኸውን ይሕእል እዩ ። ብሓቂ ክምስክር ኣለዎ።**
ዝኾነ  ዜጋ ወንጀል ንምጽራይ ከም ምስክር ክሕተት ይኽእል  እዩ ። ናይቲ ብወንጀል ዝተጠርጠረ ሰብ ብዓልቲ ቤት ዝኾነት  ወይ ናይታ ብወንጀል ዝተጠርጠረት ሰብ ብዓል ቤት ዝኾነ  ከምኡ‘ ውን ቀረባ ኣዝማድ ዝኾኑ ኣይንምስክርን ክብሉ ይኽእሉ እዮም። ዝኾነ ምስክር ብሓቂ ናይ ምምስካር ግዴታ ኣለዎ ።  ብሓሶት ምምስካር የቕጽዕ እዩ።

**ካብቶም ብሕጊ ዝተወሰኑ ኣገደስቲ ናይ ወንጀል ተግባራት፣**



. ኣብ ጀርመን **ንሰብ ምህራም** ብጭራሽ ክልኩል እዩ።
ዋላ ንስድራ ኣባላት ብማህረምቲ ምቕጻዕ ፍቑድ ኣይኮነን።ሰብ ምቕታልን ወይ ኮነ ኢልካ ሰብ ምጉዳእን ከቢድ መቕጻዕቲ ዘስዕብ እዩ።
. **ጥሪትን  ንብረትን** ብመንግስቲ ሓለዋ ይግበረሎም ።  ሓደ  ሰብ  እንድሕር  ሰሪቑ  ወይ  ኣታሊሉ ብሕጊ ይቕጻዕ ።

. **ናጻ ናይ ግብረ ስጋዊ ርእሰ ውሳነ** ዝዓበየ ሕጋዊ መሰል እዩ። ሓይሊ ተጠቒምካ ወይ ኣፉራሪህካ ስጋዊ ርክብ ምፍጻም ብዝላዓለ ማእሰርቲ ዘቕጽዕ እዩ።  እዚ ተግባር ንሰብ ሓዳር እውን ዝምልከት እዩ ።ምስ ዕድሚኦም ትሕቲ 14 ዓመት ዝኾኑ ቈልዑ /ዝኾና ቈልዑት ስጋዊ ርክብ ምፍጻም ክልኩልን ዘቕጽዕን እዩ።

. ***ድሮጋ*** ኣብ ጀርመን  ክልኩል እዩ። ነዚ ዝሓዘ ወይ ክሸይጥ ወይ ካብ ካልእ ሃገር ከእቱ ዝተረኽበ ይቕጻዕ።